## ቀዳማይ ኣኼባ ኣሰናዳኢት ሽማግለ
## ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
06.06.2006

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ እተረኽብሉ፡ ብ6 ሰነ 2006 ኣብ ካርቱም ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቀዳማይ ኣኼባኣ ኣካይዳ። ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ሓው ሑሴን ኽሊፋ፡ ናይ ሰላምታ መልእኽቱ ድሕሪ ምምሕልላፍ፤ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ዓቕምታቱ ንምስማር ዝገበሮ ጽዓታትን፤ ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ፖለቲካዊ ቻርተርን ቅዋምን ዘለዎ ንተቓወምቲ ውድባት ዝጥርንፍ ክሊ ብመጋቢት 1999 ምቛሙን ሓቢሩ። ኣስዒቡ፡ እዚ ቻርተርን እዚ ቅዋምን እዚን ግን፡ ዘይልወጥን ዘይምዕብልን ማለት ከምዘይኰነ ኣብሪሁ። ቀጺሉ፡ ብ25 ሚያዝያ ክሳብ 4 ግንቦት 2006 እተኻየደ፡ ዓመታዊ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንጉባኤ ዝምልከት ዓንቀጽ ኣብ ቅዋሙ ወሲኹ ኢሉ። ማእከላይ መሪሕነት ከኣ፡ ኣብ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ተመርኲሱ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት'ዚ ዝካየድ ጠቕላል ጉባኤ ኪዳን እተሰናድእ ሽማግለ ከተቕውም ከምዝመዘዘ ገሊጹ። ብመሰረት'ዚ ውሳኔ'ዚ ኢያ ሽማግለኹም ቆይማ። ነዚ ከቢድ ጾር ንምስካም ድማ፡ ኣባላት ውድባት ኪዳን ብሉጻት ካድራቶም ከምዝመዘዙ ምሉእ እምነት ኣሎኒ ኢሉ።

ብድሕር'ዚ፡ ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እተዳለወ ናይ'ታ ሽማግለ ናይ ስራሕ መምርሒታት ተነቢቡ። ቀንዲ ትሕዝቶኡ ድማ፡ ንቻርተርን ቅዋምን እተመጣጠነ ውክልናን መዕቀኒታት ምቕባል ኣባላነትን ካልእ ንኪዳን ንምምዕባል ዝሕግዝ ሓሳባትን ዝምልከት ርእይቶታት ካብ ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳን ምቕባልን ምስራዕን ዝብል ኢዩ ነይሩ። ኣባላት ውድባት ኪዳን ክሳዕ 30 ሓምለ 2006 ዘሎ ግዜ ርእይቶታተን ብጽሑፍ ናብ ኣሳናዳኢት ሽማግለ ከቕርባ ከምዝለወን ውን ተሓቢሩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብመሰረት ውሳኔ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ'ቲ ህልዊ ናይ ውክልና መዐቀኒ ዝተመርኰሰ፡ ናይ ተሳታፍነት መጠን ኣብ ጉባኤን ብዕጽፊ ይኹን ካብኡ ንላዕሊ ክዛይድ ምኻኑ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስ ገንዘባዊ ዓቕሚ ኪዳን ብምትእስሳር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብዝሒ ኣባላት ጉባኤን ብዝሒ ንሲቪላዊ ማሕበራትን ናይ ዜና ማዕከናትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማእከላትን ዝውክሉ ተዓዘብትን ክትውስን ምኻና ተፈሊጡ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ ጉባኤ ንምክያድ ዘድሊ ባጀት ግምታ ክትህብን ነቲ ጉባኤ ዘቃልሓ ናይ ዜና ማዕከናትን ክትውስንን ኢያ። ክሳዕ 30 ነሓሰ 2006 ኣብ ዘሎ ግዜ ከኣ፡ ጸብጻባታ ናብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ከተቕርብ ኢያ።

ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ጽባሕ ሰዓት ትሽዓተ ናይ ንግሆ ኣኼባኣ ክትቕጽል ምኻና ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንምድላው ዘድሊ መጽናዕቲ እተካይድ ሽማግለ ውን፡ ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ እተረኽብሉ ቀዳማይ ኣኼባኣ ኣካይዳ። ከምኡ ውን፡ ብፈጻሚ ቤት ዝቐረበ መምርሒታትን ናይ መጽናዕቲ መዳያትን ተዋሂብዋ።